# ቅሰኑ ሰማእታትና!



መላእ ህዝቢ ኤርትራ ኣብ ውሽጢ ሃገርን ወጻኢ ን፡ በዓል ናጽነቱ ብኽብ ዝበለ ድምቀትን ባህታን ጸምቢሉ፡ ወርሒ ኣብ ዘይመልእ ግዜ፡ ስለ ሰብኣዊን ሃገራዊን ክብረቱ ዝኸፈሎ ረዚን ዋጋ፡ ብልዑል ሓበን ምዝካር፡ ሃገራዊ ትእምርቱ ገይሩዎ ኣሎ። መዓልቲ ሰማእታት ሎም ዘበን፡ ኣብ ፍሉይን ዕዙዝን ታሪኻዊ መድረኽ ትዝከር ኣላ። ህዝቢ ኤርትራ፡ እምብዛ ረዚን ዋጋ ከፊሉ ዝጨበጦ ናጽነት ፋልሶ ብምግባር፡ መግዛእቲ ኣብ ዝናፍቐሉ ኣጨናቒ ኩነት ንምውዳቑ ዝዝነበ ተጻብኦታት፡ መጠኑ፡ ብማይ ኣይሂ ክምሰል ዝኽእል እዩ፦ ዞባውያን ዕሱባት ብምልኣኽን ብምዕጣቕን፡ ዝተፈነወሉ ቅሉዕ ወራራት፤ ብቁጠባ ጕረሮኡ ሓኒቕካ ንምጽዓዱ ዝተደርደረ ህድግለነ ዘይብሉ  እልቢ እገዳታት፡ - ብዘይቅዱስ ከባቢያዊ ኪዳናት፡ ብዲፕሎማሲያዊ ተነጽሎ፡ ኣብ ቀዝሒ ንምድርባዩ ዝተኻየደ ሃቐነ፡ - ዓቕሚ ሰቡ ዘቝቕካ ሓይሊ መኸተኡ ንምጉዳም ዝተፋሕሰ ውዲት ፍልሰት፡- ኮን ዶኾን ሃሱሳት ዓዲግካ፡ ሓድነቱን ውሽጣዊ መሳርዑን ንምዝራግ ዝተሃቀነ ምህሙን ጸወታ፤ ብመጠን ሃልኩን ዝፈሰሶ ወፍሪን - ፋይዳ ኣየጽዓየን።

ምስ በሪኽ ፖለቲካዊ ንቕሓት፡ ሞራልን ትብዓትን ህዝቢ ኤርትራ ተራጺሙ፡ ኩሉ..ከም’ቲ ኩሉ ዝፈልጦ. ከም’ቲ ፈታዊን ጸላኢን ብኣንክሮ ዝምስክሮ ኮይኑ። - ትኳቦ ሰኒቖም ዝዓንደሩ ከዳሞ ልኡኾም ከየስለጡ፡ ንባዕሎም ናብ ጉሓፍ ታሪኽ ተደርብዮም። - ‘ክቐትሉኻ ክብሉስ ይቐልቱኻ’ ከምዝበሃል፡ እገዳታት ብጥሜት ከብዲ ኤርትራዊ ኣይቀረጹን። እኳ ድኣ ብርሃጹ ዝዕንገል፡ ብነብሱ ዝሓድር፡ ኣብ ዞባ ተመጽወትቲ ትኳቦ ዝጽየን ኩርዕ ህዝቢ ፈጢሮም። - ከባቢያዊ ኪዳናት ተዘሪጎም፡ ሓጹር ዲፕሎማሲያዊ ተነጽሎ ሃደሽደሽ ኢሉ፡ ህዝቢ ኤርትራ ብልዑል ክብሪን ዓጀባን ብጽንዓቱን ሕርያኡን ኣርኣያ ንካልኦት ኮይኑ ምስ ናጻ ህዝብታት ዓለም ተሰሪዑ። - ውዲት ፍልሰት፡ ብኣንጻር ትጽቢት መወልቱ፡ ሓበን ሃገር ራብዓይ ግንባር ኣሰዊዱ። - ኮን ዶኾን ንህዝቢ ብጸቢብ ፖለቲካን ዘመተ ስይጠናን ንምዝራግ ዝተሃቀነ ጸወታ ንሃተምተም ኮይኑ፤ ሃገራዊ መስርዕ ዝያዳ ኣስጢሙ።

ህዝቢ ኤርትራ፡ ኣብዚ ከቢድን ፈታኒን እዋን፡ ከም ወርቂ ብሓዊ ተኹሊዑ ወጺኡ። ባህሊ ሰማእታቱ ዓቂቡን ወሪሱን፡ እሙን ተረካቢ ሕድሪ ጀጋኑኡ ምዃኑ ብግብሪ ኣመስኪሩ። ኣብ ዞባ ነውጺ፡ ደሴት ሰላም ፈጢሩ። ሰማእታቱ ብሕድሪ ዘረከብዎ ሃገር፡ ድሕሪ ደጊም ብዝረብሑን ዘይረብሑን ኣብ ዘይድፈረሉ ኣርከን ኣዕሪጉ ድማ፡ ናብ ዳግመ ሕውየትን ልምዓትን ኣንቂዱ ኣሎ። ኣብ'ዚ ብልዑል ጽንዓትን ምጽማምን ዝተሰግረ ተሪር እዋን ደሊብዎ ዘሎ ኩለንተናዊ ብቕዓትን ድርዒን ከኣ፡ ንመጻኢ ክንዮ ቅሰን ካልእ መግለጺ ኣይርከቦን። ቅሰኑ ሰማእታትና!

ቦርድ ክፍሊ ጋዜጣ

ሓዳስ ኤርትራ 19 ሰነ 2024